# ህዝቢ ትግራይ ምርጭኡ ተዋሂብዎ

ተረፍ መረፍ ጁንታ ካብ ባዓትታትን ጎዳጉድን ቆላ ተንበየን ወጺኦም ናብ ከተማ መቐለ ተመሊሶም ኣለዉ። እዚ ተመሊሶ ዘሎ ሓይሊ ንሰራዊት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሲዒሩ ድዩ ተመሊሱስ ወይስ ካልእ ዕድል ስለዝረኸበ እዩ?

ዝሓለፈ ሸውዓተ ወርሒ ዓለም ሙሉእ ከስምዖ ከም ዝነበረ ጁንታ ተጸፊዖም ናብ በረኻታት ትግራይ ምስ ወፈሩ ሰራዊት ኤርትራ ይውጻእ እንዳበሉ ተደጋጋሚ ጥርዓን ናብ ማሕበረሰብ ዓለም ከስምዑን ከንውሑን፣ ደገፍቶምን ሰዓብቶምን ኣብ ጎደናት ኣሜሪካን ኤሮጳን ጠንቀላዕላዕ እንዳበሉ ክንደይ ኣውያት ከምዝገበሩ እንዝከር ሓቂ እዩ። እቲ ብስሙን ራይስ ዝምራሕ ናይ ጸልማት ምምሕዳር ኣሜሪካን ሕብረት ኤሮጳን ናይ ጁንታ ግብኣተ-መሬት ስለዘይተዋሕጠሎም ነዚ ናይ ወያነ መቓልሕ ክሳብ ሕጂ ይደጋግምዎ ኣለዉ።

ስለምንታይ እዮም እዞም ጁንታ ክሳብ እታ ድሮ መቀለ ዝኣተዉላ ሰራዊት ኤርትራ ይውጻእ ክብሉ ከምዘይጸንሑ ሕጂ ብስርሒት ኣሉላ ኣባ ነጋ ዳርጋ ንኩሉ ሰራዊት ኢትዮጵያን ኤርትራን ደምሲሶም ንመቀለን ካልኦት ከተማታትን ከምዝሓዙወን ዝጀሃሩ ዘለዉ? ብርግጽ ግን ክሳብ ሰራዊት ኤርትራን ኢትዮጵያን ባዕሎም ንትግራይ ገዲፎም ዝወጹ ዋላ ሓንቲ ከተማ ናይ ትግራይ ዝሓዝዋ ኔራ ድያ? ስለስቲኦም ወተሃደራዊ መራሕቲ ጃንዳ ሰራዊት ኤርትራ ከመይ ጌሩ ከምዘላሃዮም ብስቅቅታ ገሊጾሞ እዮም።

ኩሉ ነዚ ኩነታት ዝከታተል ጁንታ ኣሸሓት ሰራዊት ቀቲልናን ማሪኽናን እንዳበሉ እንታይ ኮይኖም ዋላ ሓንቲ ከተማ ዘይተቆጻጸሩ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብተን ከተማታት ውጽእ ኢሉ ምንቅስቃስ ክገብር እንከሎ እቶም ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ተሓቢኦም ዝጸንሑ መሊሻ ቶግ ቶግ ኣቢሎም ከተማ ተቆጻጺርና ኢሎም ብስእሊ ስኒዶም የደናግሩ ነይሮም። ሰራዊት ምልስ ክብል እንከሎ ድማ ብረቶም ሓቢኦም ክዳን ሲቪል ተኸዲኖም ኣብ ውሻጠ ኣንስቶም ይሕብኡ ነይሮም።

ኣብ'ዚ ናይ ሕጊ ምኽባር ወፍሪ ዝዓበየ ብድሆ ነቲ ብረት ዓጢቑ ኣብ ፈቀዶ ጎዳጉድ ተሓቢኡ ዝነበረ ሸፍታ ምድላይ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ህዝቢ ነዞም ሸፋቱ ሸፋን ኮይኑ ስለዝተኻላኸለሎም እዩ። ኣብ ቅኑዕ ቃልሲ ህዝቢ ንስውርኡ ምሕጋዝ ጉቡእን ቅኑዕን እዩ። እዚ ሕጂ ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ኩናት ግን ሓቂ ኣንጻር ሓሶት፣ ሕጊ ምኽባር ኣንጻር ግብረሸበራ እዩ።

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ "ትግራይ ናበይ" እትብል ዝገለጽክዎ፣ ህዝቢ ትግራይ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሳላሳ ዓመት እዞም ገበነኛታት ደቁ ዝፈጸምዎ በደል፣ ግፍዒ፣ ዓመጽ ስርቂን ተሓባባሪ እዩ ነይሩ። ኣብ ክንዲ ዓገብ ንጋገ ኣሎና ምባል ዋና መሳርሒ ናይዞም ገበነኛታት ኮይኑ እዩ ቀጺልዎ።

ኤርትራን ኢትዮጵያን ነቶም ዝበዝሑ ገበነኛታት መራሕቲ ጀንዳ ቀቲለንን ኣሲረንን ካብ ትግራይ ምውጽኢን ቅኑዕን ኣወንታውን እዩ ነይሩ። እቲ ኩናት ዕላምኡ መግዛእታዊ ስርዓት ንምድልዳል ኣይኮነን። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ወፍሪ ንገበነኛታት ኣብ ሕጊ ምቕራብ እዩ ነይሩ። ሓደ መግዛእታዊ ሰራዊት ክሳብ ሐደ ወታሃደር ዝተርፎ ጨፍጨፉን ጨኩኑን ንዘልኣለም ክሳብ ዝስዓር ምጽናሕ እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ዘይተኣደነ ባጀት ሰሊዑ ነቲ ብጁንታ ዝዓንወ ቁጠባን ትሕተ-ቅርጻን ትግራይ ምብርባርን ምትዕርራይን ዝጠመየ ህዝቢ ክዕንግል ቀጻሊ ሓገዛት እዩ ጌሩ። ህዝቢ ትግራይ ግን ኣብ ጎኒ ሸፋቱ ደቁ ደው ብምባል ብድሕሪት እንዳተሞኽለየ ንሰራዊት ክጥቅዕ እዩ መሪጹ። ስለ'ዚ ነቲ ክትሕግዞ ዝመጻእካ ብድሕሬኻ ኮይኑ ዝወግኣካ እንተኾይኑ እቲ ህዝቢ ምርጭኡ ክገብር ትሓድጎ። ህዝቢ እንዳቀተልካን ምስ ህዝቢ እንዳተዋጋእካን እንዳጨፍጨፍካን ከተማሓድር ኣብ ገበን ክመርሓካ ስለዝኽእል እቲ ዝተወሰደ ምርጫ ምስሓብ ሰራዊት ቅኑዕ ነይሩ።

ትግራይ ኣበይ እዩ ዶባታ? ነዚ ንምምላስ ቅድሚ ወያነ ኣብ ስልጣን ምምጽኦም ካብ ግዜ ደርጊ ንድሕሪት ተመሊስካ ሰነዳት ምውካስ ጽቡቕ እዩ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ሃይለስላሴ ኤርትራ ከም መበል 14 ክፍለሃገር እትፍለጥ ዝነበረት እዋን ዶባት ትግራይ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ እንታይ ከምዝመስል ንጹር ካርታት ኣሎ። ወያነ ግን ብመሰረት 1976 ዘውጽእዎ ማኒፈስቶ ካብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክልል ኣፋርን ኣምሓራን ሰፊሕ ሉሙዕ ዝበልዎ መሬት ናብ ግዝኣቶም የእትዮሞ እዮም።

ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወልቃይትን ራያን ዘይፈጸምዎ ግፍዕታት ኣይነበረን። እቲ ህዝቢ ሕጂ ነጻነቱ ምስ ረኸበ እቲ ዘስካሕክሕ ህይወቶም ኣብ ትሕቲ ወያነ ብንብዓት ይገልጽዎ ኣለዉ። ወያነ ኣብዚ ብሓይሊ ዝወረርዎ መሬት ወልቃይትን ራያን እቲ ህዝቢ በቲ ናይ ኣዲኡ ቃንቋ ኣምሓርኛ ከይዛረብ፣ መሬቱ ተወሲድዎ እንተሓተተ ብደዉ መቓብር ኩዒቶም ዝቀበርዎን ኣብ ሃው ዝበለ ገደል ዘጽደፍዎን ኣዲኡ ቆጺራ ትወድኣዮ። ብዙሕ ሰብ ድማ ብሰንኪ ግፍዕታቶም ንብረቱን ቤቱን ገዲፉ ተሰዲዱ። ዝተዘምተ መሬቱ ድማ ንህዝቢ ትግራይ ተዓዲሉ።

ወያነን ህዝቢ ትግራይን ዝሓለፈ ሳላሳ ዓመታት ዝገበርዎ ግፍዒ ዘይኣኽሎም። ንምንታይ ከ ሕጂ ዘይመሬቶም ዝጥምቱ ዘለዉ። ዝኾነ ሰብ ኣብ ሃገሩ ኣብ ዝኾነ ቦታ ከይዱ ሰሪሑ ክነብር መሰል እዩ። ዋንነት ግን ናይ ዋናታቱ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ሕጂ'ውን ብሰላም ክነብር ናይ እንዳማቱ መሬትን ንብረትን እንዳማዕደወ ክነብር ጉቡእ ኣይኮነን። ትግራይ ለባም እንተሃልይዋ ዓገብ ዝብል፣ ንሰላም ዝመርሕ ውላድ የድሊያ ኣሎ።

ቡዙሓት ብፍላይ እቶም ወይጦታትን ተቋመርቲ ጉጅለታትን ናይ ኤርትራ ናብዞም ዕምሮም ዘይተፈልጠ ዘለዉ ተረፍ መርፍ ጁንታ ኢድ ክነስኡን ህዝቢ ትግራይ እንቓዕ ሓጎሰካ እንዳበሉ ህዝቢ ትግራይ ከምዝተዓወተ ይገልጹ ኣለዉ።ብሓቂ ግን ህዝቢ ትግራይ ተዓዊቱ ድዩ? ብናተይ ኣረኣእያ ህዝቢ ትግራይ ምርጭኡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ደኣ ተዋሂብዎ እምበር ኣይተዓወትን። ክሳብ ንሓቀኛ ሰላም ዝዕጠቕ ዕዉት ክኸውን

ኣይክእልን እዩ። ህዝቢ ትግራይ ጉዕዙኡን መኣዝኑን ጌና ኣይፈለጠን ኣይተረደኦን። ግዜን ኩነታትን ክምህሮ ብተስፋ እጽበ።

ውድቀት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝምነ ኤርትራዊ ድዩ? ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እንተተሳዒሩ ንሃገረ ኤርትራ ዘድሕንን ዝከላኸልን መን ክኸውን እዩ? እዞም ወይጦትት ኣብ ከተማታት ኣሜርካን ኤሮጳን ኮይኖም ድዮም ብማሕበራዊ ሚድያ ሃገር ከድሕኑ? ህዝቢ ትግራይ ንጉጉይ ዕላማ ኣብ ትሕቲ ጃንዳ ወያነ ዓሲሉ፣ ኣንቱም ወይጦታት ነዚ ጅግና ሰራዊትና ንቅኑዕ ዕላማን ድሕነት ሃገር ዝቃለስ ዘለዉ ኣንጻሮም ምስ ጸላእቱ ወጊንኩም፣ ውድቀት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝምነ ኤርትራዊ ኣይኮነን። ሓይልታት ምክልኻልና ንቅኑዕ ዕላማ ደው ዝበለ ተልእኾኡ ብብቕዓትን ጅግንነትን ዝፍጽም ዘሎ እዩ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ዘይሳዓር ብድሲፕሊንን ወተሃደራዊ ሳይንስ ዝዓጠቀ ዱልዱልን መሰረትን ዋሕስ ቀጻልነት ሃገረ ኤርትራ እዩ።

ግርማይ የማነ

ርያድ ሱዑዲ ዓረብ 08/07/2021